# ዜና ሎም

-ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ምስራ፡ ኣብ ሲናይ ተጨውዮም ዝጸንሑ በጻሕቲ ተለቒቖም

ኣብ ምስራ ምድረ በዳ ሲናይ ተጨውዮም ዝጸንሑ ክልተ በጻሕቲ ተለቒቖም። እዮም ብእጡቓት ተጨውዮም ዝጸንሑ በጻሕቲ፡ እቲ ሓደ እስራኤላዊ ካልኣይቲ ድማ ጓል ኖርወይ'ያ።

እዮም በጻሕቲ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ደቡባዊ ክፋል ዞባ ሲናይ ካብ ከተማ ታባ ናብ ከተማ ዳሃብ እናተጓዕዙ ከለዉ'ዮም ብእጡቓት ተጨውዮም።

እዮም እስራኤላውያን በጻሕቲ ሃገር ብኸመይ ከምእተፈትሑ ዝተፈልጠ ሃገር'ኳ እንተዘየለ ብርክት ዝበለ ገንዘብ ክዩተኸፍለሎም ከምዝገደዶም'ዮም ግና ተዓዘብቲ ዝገልጹ።

ኣብቲ ቦታ ካብ ቀደም ዝጸንሐ ዘሎ ዘርጋጽ ኩነታት ጸጥታ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ሓሰኒ ሙባረኽ እናገደደ ምምጻኡ ደፊሩ።

ኣብቲ ንምስራ ምስ እስራኤል ዘዳውብ ምድረበዳ መጋይሽቲ በጻሕቲ ሃገርን መጻኢ ሰብ ንእገቶ ቅትለትን ኣገዳሲ ጉዳይ ምህላዉ ወድባት ሕቡራት ሃገራት ጸብጻብ የመልክት።



## ርእይቶ ስኒትና

እዚ ኣብ የማናይ ወገን ቀሪቡ ዘሎ ዜና ጽቡቕ ነይሩ። ሓዳስ ኤርትራ፡ ብወጻእተኛታት ዜጋታት ተገዲሳ ክትጽሕፍ ካብ ጀመረት እምበኣር፡ ነቶም ሙሉእ-ዓለም ዝዛረበሎም ዘሎ፡ ንነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊት ስድራቤት ድማ ዝተንከፈ ኩነታት፡ ናይቶም ኣብ ሱዳን፡ ሲናይ፡ ሊብያን፡ ከምኡ'ውን ቀለብ-ዓሳ እናኾኑ ዝሃልቁ ዘለዉ ዜጋታት ኤርትራ እውን ከቃልሕ እንተትጀምር ጽቡቕ ምኾነ።

ሓዳስ-ኤርትራ፡ እታ እንኮ መራኸቢ-ብዙሓን ኣብ ኤርትራ ካብ ኮነት፡ ብስቅያት ደቂ-ሃገር ተገዲሳ ንሰማዒን ኣንባቢን ከተቕርቦ ዝግባእ ኢዩ ነይሩ።